## መጽናዕቲዊ - ጽማቝ ብ GWLIP ተመክሮታት ወሊድ ናይ ሓደሽቲ መጻእቲ

ግንቦት,2023

### ሓፈሻዊ ትሕዝቶ

ኣብ እዋን ክንክን ሕርሲ ኣወንታዊ ናይ ሕርሲ ተመክሮ ክትረክብ ካብ ዝሕግዙ ነጥብታት፡ እምነት ክሕድራ ምግባር፣ ርእሰ-ምትእምማን ብምፍጣር፣ክብረት ምርኣይ፣ ምርጫታተን ምኽባርን ርህሩህን ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዘተኰረን ክንክን ብምግባር ። "ብባህላዊ ክንክን" ውልቀሰባት ብሰንኪ ውርሻኦም፡ ጸታዊ ዝንባለኦም፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታቶም፡ ብሄሮምን ባህላዊ ድሕረ ባይታኦምን ዘለዎም ፍልልይ ዝፍጠር ክንክን'ዩ። ዕላማ ናይዚ መጽናዕቲ (ተመኩሮታት ሓደስቲ መጻእቲ) ንናይ ሓደስቲ መጻእቲ ደቂ ኣንስትዮ ተመኩሮ ወሊድን ጽልዋታትን ምሕዋስ ወሊድ ኣብ ዓልፍን ዌሊንግተን ካውንቲን ዝዓለመ እዩ። እዚ መጽናዕቲ ኣብ ናኣሽቱ ጉጅለ ተሳተፍቲ ጥራይ ዝተሓጽረ እዩ ነይሩ፣ ንኹሉ ሓደስቲ መጻእቲን ሰብ ሞያ ኣገልግሎት ወሊድን ኣብ ዓልፍን ዌሊንግተን ካውንቲን ዝውክሉ ኣይኮኑን።

### ዲሞግራፊክስ

ኣብ 2021፡ 23.8% ካብ ህዝቢ ዓልፍ (33,780 ካብ 141,840 ሰባት) ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝተወልዱ ስደተኛታት እዮም። ኣብ ዓልፍ ካብ ዝነብሩ ናይ ቀረባ እዋን ስደተኛታት እተን ቀዳሞት ሰለስተ ትውልዲ ቦታታት ህንዲ፡ ኤርትራን ፊሊፒንስን እየን።

11.4% ካብ ህዝቢ ዌሊንግተን ካውንቲ፡ (10,989 ካብ 96,245 ሰባት) ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝተወልዱ ስደተኛታት እዮም። ኣብ ቀረባ እዋን ካብ ዝመጹ ስደተኛታት እተን ቀዳሞት ሰለስተ ትውልዲ ቦታታት ህንዲ፡ ሮማንያን ፊሊፒንስን እየን።

ካብ 2017 - 2021ካብ ዝተወልዱ ህጻናት ብመሰረት ስታቲስቲክስ ካናዳ ክምዘርእዮ 31% ክሳብ 33% ኣዴታቶም ካብ ካናዳ ወጻኢ ዝተወልዳ ኢየን። ኣብ መብዛሕትአን ኣውራጃታት ውልደት ስደተኛታት ልዕሊ 20% በጺሑ።

### ቀንዲ ርኽበታት

ብደረጃ ውዳበን ውልቀሰብን ዝተኻየዱ ዓይነታዊ ቃለ መሕትት፤

- 88% ካብ ተሳተፍቲ መባእታዊ ክንክን ሓኪም ነይርዎም፣ ዎክ-ኢን ክሊኒካት ሪፈራልን ኣብ ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዓልፍ ቆጸራን ምውሳድን ዋላ ነቶም መባእታዊ ክንክን ሓኪም ዘይብሎም ይከኣል ነይሩ።

- 77% ካብ ተሳተፍቲ ብመንገዲ ማሕበረሰባዊ ማእከል ወይ ክሊኒኮም ኣቢሎም ቅድሚ ሕርስን ድሕሪ ሕርስን ዝወሃብ ትምህርቲ፡ ገሊኦም ድማ ብመሕረስቲኦም ኣቢሎም ሓደ ብሓደ ክረኽብዎ ዝኽእሉ እዮም።

-ኣባላት ስድራቤት ተሳታፊ ናብ ቆጸራታት ይወስድዎም ወይ'ውን ህጹጽ ኣገልግሎታት 911 ይጥቀሙ። 24% ን ህዝቢ ዝቐርብ ኣገልግሎት ክንክን ህጻናት ዝጥቀሙ ነይሮም።

-53% ካብ ተሳተፍቲ ኣብ እዋን ሕርሲ ኣገልግሎት ትርጉም ክረኽቡ እንከለዉ፡ 35% ድማ ብዛዕባ'ዚ ኣገልግሎታት'ዚ ዘይፈለጡን ኣብ ክንድኡ ኣዕሩኽቶም ዝጥቀሙን ወይ'ውን ደገፍ ቋንቋ ምሕታት ዝተሰከፉ'ዮም። ወሃብቲ ኣገልግሎት መብዛሕትኡ ግዜ ትርጎምቲ ይጥቀሙ፣ ሓደ ንሓደ ወይ ብተሌፎን ምስ ተርጐምቲ ISGW፣ ከም ምርጫ ዓሚል ከምኡውን ሓደ ሓደ ግዜ ካብ ሰራሕተኛታቶም ተርጐምቲ ኣለዎም። ንጠለባት ናይቲ ዲሞግራፊ ንምምላእ ብልዕሊ 10 ቋንቋታት ዝተተርጎሙ ሰነዳት ኣብ ናቶም መርበብ ሓበሬታ የቀምጡ። ይኹን እምበር ሓደስቲ መጻእቲ ደቂ ኣንስትዮ

ብቋንቋአን መባእታዊ ወሃቢ ክንክን ክደልያ ይረኣያ ውጽኢቱ ድማ ብዙሓት ኣገልግሎት ናይ 1 ወይ 2 ቋንቋአን ዝዘረባ ክደልያ እዚ ድማ ንምርካብ ኣጸጋሚ እዩ።

-77% ካብ ተሳተፍቲ ድሕሪ ሕርሲ ንዝፍጠር ጭንቀት ዝሕገዝሉ ኣፍልጦ ተዋሂብዎም ኣይፈልጥን ወይ ነዞም ኣገልግሎታት ብኸመይ ከም ዝረኽብዎም ፈጺሞም ኣይፈልጡን። 1 ወይ 2 ነዚ ብርግጽ ከም ዘጋጠሞም ወይ ዘጋጠሞ ሰብ ከም ዝፈልጡ ግን ከኣ ብዛዕባ እዚ ንመን ከም ዝሕብሩ ዘይፈልጡ ጠቒሶም።

ብሓፈሻ ተሳተፍቲ ኣወንታዊ ተመኩሮ ወሊድ ዝነበሮምን ብመሕረስቲኦም፣ ኣብ ሆስፒታልን ማሕበረሰባዊ ማእኸሎምን ዝወሃብ ኣገልግሎት ፈትዮም እዮም። ኣሉታዊ ተመኩሮታት ብ ፍልልይ ባህላዊ ስርዓትን ዕንቅፋታት ቋንቋን ዝተኣሳሰሩ'ዮም።

ሓደስቲ መጻእቲ ብዙሓት ዕንቅፋታት የጋጥሞም፣ ጸገማት ኣፍልጦ ብዛዕባ ስርዓተ ክንክን ጥዕና ካናዳ፣ ተነጽሎን ውልቃዊ ፋይናንሳዊ ሕጽረታትን ዛኣመሰሉ ጸገማት የጋጥሞም።  ብተወሳኺ ዝሓሸ ክንክን ወሊድ ንኸይወሃብ ዝዕንቅፉ ነገራት ንቕሓት ዘይምህላው ብዛዕባ ኣገልግሎት ወሊድ፣ ስእነት ደገፍ ቋንቋ፣ ባህላዊ ንቕሓት በዓል ሞያታት፣ ተጠቀምቲ ኣገልግሎት ቅድመ- ወሊድ ክንክን፣ ውሱን ሰዓታት ስራሕ፣ ስእነት ኣቅርቦ ናይ ኣብ ገጠር ዝርከብ ኣገልግሎትን ሕጽረት ምወላን ምኺኑ ተገሊጹ።

ኣብነታት ብሉጻት ልምድታት ናይ ማእከል ጥዕና ማሕበረሰብ ዓልፍ ንኹሉ ዝሓቑፍ መደባት፣ ቅድሚን ድሕሪን ሕርሲ ኮርሳት ዝህብ ፕሮግራም ተበጻሕነት መሕረሲትን ንነፍሰጾራት ወለዲ፣ ብቪታሚናት፣ መግብን ኣመጋግባን ዝድግፉ መደባትን ህዝባዊ ጥዕና ነርስታትን ይርከብዎም።

## ለበዋታት

ን ባህላዊ ክንክን ዝምጥን ብብዙሕ ቋንቋታት ዝዘረቡ ወሃብቲ ክንክን ብንጥፈት ብምቑጻር ምስ ዝያዳ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንጠለባት ዝተፈላለየ ዲሞግራፊ ዘማልኡ።

ትርጉም ቋንቋን ትርጉም ሰነዳትን ብፍላይ ኣብ እዋን ሕርስን ኣብ ቆጸራታት ክኢላታትን ኣብ ወሳኒ ነጥብታት ንዘጋጥም ናይ ቋንቋ ዕንቅፋታት ከጉድል እዩ።

ደገፍ ኣእምራዊ ጥዕና ብፍላይ ብኻልኦት ቋንቋታትን ብትሑት ወይ ብዘይ ዋጋን ተበጻሕነት ንምዕባይ ክሰፍሕ ኣለዎ። እዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ ን ዝፍጠር ጸለመ ንምንካይ ብዛዕባ ድሕሪ ሕርሲ ዝመጽእ ጭንቀት ንቕሓት ንምዕባይ ዝግበር ጎስጓሳትን ንማሕበረሰባዊ ደገፍ ምቛምን ከጠቓልል ይግባእ።

መዛኑ ዝድግፉ ጉጅለታት ሓደስቲ መጻእቲ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ካልኦት ደቂ ኣንስትዮ ብምትእስሳር ተነጽሎ ንምውጋድ ይሕግዙ፣ ምስ ተነጽሎ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ጥዕና ኣእምሮ ብምንካይን ሓበሬታ ብምቅይያር ብምድንፋዕን እዮም።

ኮሚኒይቲ ኣዉት ሪች ኣብቲ ማሕበረሰብ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ብዛዕባ ጥዕና ውላደን፣ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ገዛእ ርእሰን ጠቓሚ ሓበሬታ ንኽረኽባ ይሕግዝ። ኣብዚ ቦታ ዝርከቡ በዓል ሞያታት እውን ኣብ ውልቃዊ ድሌታት ዝተመርኮሰ ኣገልግሎት ወሊድ ሪፈራላትን ደገፋትን ክህቡ ይኽእሉ እዮም።

ሓበሬታ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ምዝርጋሕ ኣብ ከም ቤተ-መጻሕፍቲ፣ ኣብ ኣገልግሎት ስደተኛታት ዝህቡ ቦታታት፣ ሓደስቲ መጻእቲ ንሓበሬታ ንምርካብ ዝኸድሉ ቦታታት ከምኡ'ውን ኣብ ፋሚልይ ዶክተር፡ ዎክ-ኢን ክሊኒካትን ሆስፒታላትን ።

ንባህላዊ ንቕሓት ዝዕለመ ስልጠና ንሰብ ሞያታት፥ ዝሓሸ ባህላዊ ንቕሓት ኣብ ድሌታት ዝተፈላለዩ ዓማዊል ጉጅለታት ክህልዎም ብምግባርን ኣብ ጥዕና-ሞያዊ ዝምድናታት ርህራሄ፣ ርህራሄን ሓልዮትን ምግላጽ።

መደባት ምወላ፥ ንድሌታት ናይቶም እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ብዝሒ ስደተኛታትን ብመንጽር ተወሰኽቲ ሰራሕተኛታትን ስልጠናኦምን ከምኡ’ውን ንተሳተፍቲ መደብ ብግቡእ ንምድጋፍ ዝሕግዝ ምንጪ’ዩ።

## መደምደምታ

ኣብዚ ቀረባ እዋን ምስ ምዉሳኽ ሓደሽቲ ነበርቲ ስደተኛታት ኣብ ጓልፍ ን ዌሊንግተን ካውንቲን ንኹለን ፍትሓውን ተበጻሒን ክንክን ጥዕና ኣብ ምሃብ፡ ኣድላይነት ባህሊ ብዝምጥን ክንክን ወሊድ ንሓደስቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣገዳሲ ኮይኑ ይርከብ። ሓደስቲ መጻእቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ቋንቋ፡ መጓዓዝያ፡ ማሕበራውን ፋይናንሳውን ባህሪ ሓዊሱ ዝተፈላለዩ ዕንቅፋታት ከጋጥመን ይኽእል እዩ። ማእከል ደቂ ኣንስትዮ ምፍጣር ንእምነት፣ ርእሰ-ምሕደራ፣ ክብሪ፣ ስምዒታት፣ ምርጫታት፣ ምርጫታትን ደቂ ኣንስትዮ ዘኽብርን ውጽኢቱ ድማ ኣብ ሓደስቲ መጻእቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣወንታዊ ተመኩሮ ወሊድ ብግዲኡ ኣወንታዊ ውጽኢት ወሊድ ዘፍሪን፣ ማሕበራዊ መርገጺ እዘን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ግምት ምእታው፣ ባህላዊ ፍልጠትን እምነታትን፡ ከምኡ’ውን ባህላዊ ልምድታት ኣብ ክንክን ጥዕና ወሊድ ኣገዳሲ’ዩ።

GUELPH | WELLINGTON
Local Immigration Partnership
Creating a caring, equitable community where everyone thrives.

Funded by: Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Financé par : Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada